OM OPPHOLDSTIDER, HENTE OG LEVERE,
SYKDOM OG FERIE I BARNEHAGEN

**TIGRINJA**

# ሓበሬታ ብዛዕባ ቈልዑ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ዝጸንሑሉ ሰዓታት፡ምርካብን ምውሳድን፡ ከምኡ እውን እዋን ዕረፍቲ ኣጸደ-ህጻናት



## ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ዝጸንሑሉ ሰዓታት (oppholdstider)

ኣጸደ-ህጻናት መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሰዓት 07.30 ክሳብ 16.30 ዘሎ ግዜ እዩ ዝኸፈት። ገሊኦን ኣጸደ-ህጻናት ዝተናውሐ ሰዓታት ምኽፋት ዘለወን ኣለዋ። እታ ዝምልከታ ኣጸደ-ህጻናት ትኸፍተሉ ሰዓታት መዓስ ከምዝኾነ ትሕብረኩም እያ። ውላድኩም ምዓልታዊ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ክንደይ ሰዓታት ክጸንሕ ትደልዩ ባዕልኹም ኢኹም ትመርጹ።

ኣጸደ-ህጻናት ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቀትሪ ዘሎ ግዜ መብዛሕቲኡ ግዜ ዑደት፡ ደርፊ፡ ጻወታ ብጉጅለን ካልኦት ንጥፈታትን የካይዳ እየን። ዶንጊኹም ወይ ኣርፊድኩም ክትመጹ እንተደኣ ኮይንኩም ኣቐዲምኩም ሓብሩ። ሽዑ እቶም ሰራሕተኛታት ነቲ ቈልዓ ክጽበዩዎ ድዮም ወይ ናይቲ ምዓልታት ንጥፈታት ክጅምሩዎ ድዮም ክፈልጡ ይኽእሉ።

## ውላድካ ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ምርካብን ምውሳድን

ናብ ኣጸደ-ህጻናት ክትመጹ ከለኹም ንሰራሕተኛታት ተወከሱዎም፡ እዚ መታን እቶም ሰራሕተኛታት ነቲ ቈልዓ ብጽቡቕ ኣገባብ ክቕበሉዎ። ነቲ ቈልዓ ከተምጽኡዎ ከለኹም እውን ምስ ሰራሕተኛታት ተዘራረቡ፡ ከምኡውን ካብ ኣጸደ-ህጻናት ክትከዱ ከለኹም እውን ሓብሩ። እዚ ንውሕስነት ናይቲ ቈልዓ ኣገዳሲ እዩ፡ ከምኡ እውን ነቲ ቈልዓ ዝምልከት ሓበሬታታት ንኽትለዋወጡ ብዝብል ኢዩ።

ወለዲ ዘይኮኑ ካልኦት ነቲ ቈልዓ ክወስዱዎ እንተደኣ ኮይኖም ኣጸደ-ህጻናት ክሕበሮም ኣገዳሲ እዩ። እንተደኣ ተሓቢሩዎም ኣጸደ-ህጻናት ነቲ ቈልዓ ኣዳልዮሞ ክጸንሑ ይኽእሉ። ካብዚ ሓሊፉ እቲ ቈልዓ ወላ ነቲ ዝወስዶ ሰብ ይፍለጦ፡ ንስኹም ኣቐዲምኩም ምስ ኣጸደ-ህጻናት ከይተሰማማዕኩምሉ ነቲ ቈልዓ ንካልኦት ሰባት ከረክቡዎ ኣይፍቀደሎምን እዩ።


© Trude Haugen







ካብቲ ዝተሰማማዕኩምሉ ሳምንታት ዕረፍቲ ወጻኢ እቲ ቈልዓ ተወሳኺ ዕረፍቲ ክወስድ እንተደኣ ኮይኑ፡ ብዛዕባ እዚ ንኣጸደ-ህጻናት ክትሕብሩዎም ኣለኩም። ኣብ በዓላትን 17 ግንቦትን ውን ኣጸደ-ህጻናት ይዕጾ እዩ። ኣብ ዕረፍቲ ልደትን ፋሲካን፡ ከምኡ ኣውን ቤት ትምህርታት ዝወስድኦ ዕረፍትታት ቀውዕን ሓጋይን ብዙሓት ኣጸደ-ህጻናት ቈልዑ ዕረፍቲ ክወስዱ ድዮም ኢለን ንወለዲ ይሓታ እየን። ከምኡ ዝገብራሉ ምኽንያት ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ክንደይ ቈልዑ ከምዝመጹ ብምፍላጥ ዓቕሚ ሰበን ክንደይ ክኸውን ከምዘለዎ ክምድቡ ይኽእሉ።

## ሕማም

ሓፈሻዊ ጥዕና ናይቲ ቈልዓ እንተደኣ ተዳኺሙ ኮይኑ እቲ ቈልዓ ኣብ ቤቱ ብምዃን ንኣጸደ-ህጻናት ከይመጸ ክተርፍ ኣሎዎ። ድኹም ሓፈሻዊ ጥዕና ክበሃል ከሎ ዘይንቡር ድኻም፡ ዕግርግር ምባል፡ ምፍዛዝ ወይ ትሑት ሸውሃት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። ተምላስን ውጽኣትን ዘለዎም ቈልዑ እቶም ምልክትታት ምስ ገደፉዎም ድሕሪኡ ንክልተ መዓልታት ኣብ ገዛ ክጸንሑ ኣሎዎም፡ ወላ ረስኒ ኣይሃልዎም።

ቈልዑ ኣብ ቤቶም ክኾኑ ኣሎዎም ዘብል ቀንዲ ኣገዳሲ ምኽንያት ኣብ ኣጸደ-ህጻናት ሕማማት ካብ ምትህልላፍ ንምክልኻል እዩ። ከም ተወሳኺ እቲ ቈልዓ ውን ተወሳኺ ክንክን ስለ ዘድልዮ እዩ፡ ኣጸደ-ህጻናት ድማ ንዝሓመመ ቈልዓ ንበይኑ ሓደ ሰራሕተኛ ክምድቡሉ ዓቕሚ የብሎምን።

እቲ ቈልዓ ክሓምም ከሎ ንኣጸደ-ህጻናት ደዊልኩም ክትሕብሩ ኣለኩም። ብፍላይ ድማ እቲ ቈልዓ ተመሓላላፊ ክኸውን ዝኽእል ሕማም ምስ ዝሓምም።

# ፈውሲ

ሓንሳብ ሓንሳብ ቈልዑ ካብ ሕማም ንኽሓውዩ ኣፋውስ የድልዮም እዩ። ብመሰረቱ ከምቲ ሓኪም ዝወሰኖ እቲ ቈልዓ ኣፋውስ ብቅኑዕ ኣገባብ ኣብ ሰዓቱ ከምዝወሃቦ ምግባር ሓላፍነት ወለዲ እዩ። ኣጸደ-ህጻናት ኣፋውስ ክህቡ ክግደዱ ኣይክእሉን እዮም፡ ይኹን ደኣ እምበር መብዛሕትኡ ግዜ ሕማም ክኸሰት ከሎ ፈውሲ ኣብ ምሃብ ይተሓባበሩ እዮም። እዚ ምስ ኣጸደ-ህጻናት ክትሰማምዑሉ ኣለኩም።

ገሊኦም ቈልዑ ሕዱር ሕማም ስለ ዘለዎም ምዓልታዊ ኣፋውስ ክወስዱ ኣሎዎም። ኣጸደ-ህጻናት ከምዚኦም ዓይነት ኣፋውስ ክህቡ እንተደኣ ኮይኖም ብፍሉይ ምስኦም ክትሰማምዑሉ ኣለኩም። ምኽንያቱ ከምኡ እንተደኣ ኮይኑ እቶም ሰራሕተኛታት ምስቲ ኣወሃህባ ፈውሲ ዝተተሓሓዘ ክኽተሉዎ ዘለዎም ኣገዳሲ ተደጋጋሚ መደብ ክመሃሩዎ ስለዘለዎም።




BERGEN
KOMMUNE

Skipnes.no Svanemerket trykksak, 2041 0731 Foto forside: © Asle Bentzen